ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣብ ሆስፒታል ደቂሶ ንዝሕከሙ ሕሙማት ግልጋሎት ምግቢ ሸቀጣ ሸቀጥን ብግልፂ ጨረታ ኣ 2012 በጀት 1ይ ፍርቂ ዓመት ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣሲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ዝምልከተኩም መቅረብቲ በቲ አብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ጨረታ ረቋሒ መሰረት ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሓምለ 12, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 26, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 26, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

1 ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድን ንግዲ ስራሕ መረዳእታ ዘቅርብ፤

2 ናይ ሸቀጣ ሸቀጥ ጥራሕ ዝምልከት ቫት ተመዝጋቢ ምኻኖም መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

3 ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፋልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቅርቡን፤

4 ንመንግስቲ ካብ ዊዝሆልዲንግ ንምክፋል ዝተገለፀ ብርን ንላዕልን እንተቅርብ 2 ሚኢታዊ ዊዝሆልዲንግ ታክስ ክቆርፅ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 12/11/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 26/11/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ ብር 30.00 ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይክእሉ።

6 እቲ ጨረታ ዕለት 26/11/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅደሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ዝክፈት ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተተረኪቦም ይምረፅ።

7 ተጫረትቲ ናይ ሸቀጣ ሸቀጥ ዝምልከት ናይ ሸቀጣ ሸቀጥ ዝምልከት ናይ ንግዲ ፍቃድን ከቅርብ ዝክእሉ፤

8 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብ 10% ናይቲ ጠቅላላ ዋጋ ዉዕሊ መኽብሪ ብዝተረጋገፀ ባንኪ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዝብ ክትሕዙ ግዴታ አለዎም።

9 ጨረታ ዘሸነፈ በቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ተቀሚጡ ዘሎ በዝሒ መሰረት ኣብ ዘድለየሉ ብናይ ሆስፒታልና ትእዛዝ ክሳብ ታሕሳስ 30/2012 ዓ/ም በቲ ዝሰዓሮ ዘሸነፎ ዋጋ ከቅርብ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል፤

10 ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም መራገፍን ከምኡ እውን ትራንስፖርት ናብ ቤት ፅሕፈትና ስቶር ክፍሊ ከቅርቡ ዝክእሉ ምኻኖም፤

11 ተጫረቲ ንጨረታ መከበሪ ብር 3000.00 ሽሕ ብር ብጥረ ገንዝብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእሉ፤

12 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ:

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-430057 ደዊልካ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle